Eritreischer Verein 2 010 für Menschen mit Behinderung e.V.
Eritrean Disabled Association
ማሕበር ኣካለ ጽጉማን ኤርትራ

## ዘሔጉስ ሓበሬታ

13-12-2018

ነቶም ኣብ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ንነዊሕ ዓመታት ዘሰንከሉ ጀጋኑ ኣሕዋትናን ብጾትናን ኣብ መደበር ከሰላ ሃገረ ሱዳን ዝነብሩ ንምሕጋዝ ብዕለት 08-12-2018 ተጸዊዑ ዝነበረ ዕድመ ዕለቱን ሰዓቱን ብምኽባር ብርክት ዝበሉ ዕድመኛታት ተረኺቦም ዕዉት ዝኾነ ኣኼባ ተኻይዱ።

ኣብዚ ብማሕበር ኣካለ ጽጉማን ኤርትራን፣ ዝተጸወዔ ኣኼባ ሓው መዓሾ ኣስራት ተሓዝ ገንዘብ ማሕበር ኣካለ ጽጉማን ኤርትራ ሃገረ ጀርመን ተረኺቡ ብዛዕባ ህሉው ኩነታት ውጉኣት ሓርነት ኤርትራ ኣልዒሉ እዞም ጀጋኑ ውጉኣት እዚኣቶም መብዛሕቶም ኣብ ሰዊት ዕድሜኦም ተሰሊፎም ዝሰንከሉ ኢዮም። ብዛዕባ ህሉው ኩነታት መነባብርኦም እውን ብሰፍሒ ዝበለ ገሊጹ። ገለ ኣባላት ካብኣቶም ተመርዒዮም ሓድጊ ዝገደፉ እውን ኣለዉ። ብርክት ዝበሉ ኣባላት ከኣ በቲ ዝነበሮም ስቓይ ቅድም ኢሎም ከም ተሰውኡ ኣብሪሁ።
ኣብዚ ወርሓት እዚ ሓው ኣደም ሓምድ ሳልም እውን ሓደ ካብቶም መንእሰያት ዝነበሩ ብሕማም ምኽንያት ካብዛ ዓለም ከም ተፈልየና ሓቢሩ ። ስዉእ ብጻይና ኣደም ኣብቲ መደበር ፍሉይ ኣካል ኲይኑ ዝረኣየሉ ዝነበረ ብኢደ ጥበቡ ብዘይ ምህካይ ነቲ መደበር ሓልዮት ብላኻ ኣንዳሰርሔ ሸያጡ ንብጸቱ ዓቢ ሓገዝ ይገብር ከም ዝነበረ ንኣኼበኛታት ገልጹ።
ኣኼበኛታት ብናይ ዕረፍቲ ብጻይና ኣደም ሓምድ ሳልም ሓዘኖም ገሊጾም።

ብድሕሪዚ ኣኸበኛ ከምቲ ልሙድ ኣሰተዋጽኦኡ ብምግባር ማዕረ 990.00( ትሽዓተ ሚእቲን ተስዓን ኤውሮ) ከም ዝለገሱ እንዳገለጽና፣ ገናውን ኣብዚ ኣኼባ ብስራሕ ምኽንያት ዘይተረኽቡ ብባንክ ኣቢሎም ክሰዱ ምዃኖም ንኣምን።
ማሕበር ኣካለ ጽጉማን ኤርትራ ነዚ ወርትግ ዝግበር ቅዱስን ብርኩትን ኣስተዋጽኦ ብስም ማሕበር ኲይኑ ክብ ዝበለ ምስጋና የቕርብ።

ማሕበር ኣካለ ጽጉማን ኤርትራ
ጨንፈር ሃገረ ጀርመን